# ፕረዝደንት ኢሳይያስ፡ ተንቀሳቓሲ ኣምባሳደር ተቓወምቲ ቀንዲ ኣፍሪቃ

ነጻነት ራህዋ እዩ። ነጻነት ተኸቢርካ ኣብ ሃገርካ ምንባር እዩ። ነጻነት መሰልካ ዝኸበረላ ሃገር ምውናን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ግን ከምቲ ዝተመነዮን ዝሓሰቦን እቲ ንዓመታት ብሃረርታ ዝተጸበዮ ነጻነት ከምቲ ሃረርትኡ ኣይረኸቦን። ሕርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ሃገር ኣብ ምውናን ከቢድ መስዋእቲ ሓቲቱ። ብድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ስርዓት ንኽተወድቕ ብዙሕ ግዜ ኣይወሰደላን። እዚ ምልካዊ ስርዓት ንምግዛእ ንኽጥዕሞ ካብቲ ብመጀመርያ ደረጃ ድሰርዖም ነገራት ሓደ ኣብ ሃገር ሕጊ ኣልቦነት ከምዝህልው ምግባር እዩ። በዚ ድማ ንዝደልዮም ሰባት ንኽጨውን ንኽኣሰርን ክቐትልን ምቹእ ባይታ ፈጢሩ። ምልካዊ ስርዓት ቀጻልነቱ ንኽረጋግጽ ኩናትን ዘይምርግጋእን ኣገዳሲ ስለዝኾነ ኩል ግዜ ሃገርካ ተኸላኸል ሃገር ኣብ ወራር ኣላ፡ መሰል ኣይትሕተት ንሕና ኣብ ኩናት ኢና ዘለና እናበለ ድማ ሓይሊ ስጋብ ዘለዎ ኣብ ስልጣን ንኸጸንሕ ሃቂኑ ኣሎ።

ስለዝኾነ ድማ ፕረዝደንት ኢሳይያስ ብግብሪ ኩናት ኣብ የመን፡ ሱዳን፡ ኢትዮጵያን ኣብ ዝሓለፉ 16 ዓመታት ናይ ስልጣን ግዜኡ ኣዊጁ ንሃገርናን ህዝብናን ኣብ ናይ ኩናት ታኺላ ሽኺልዎ ይርከብ። ኣብዚ እዋን ድማ ካብ ናይ ውሽጢ ጉዳይ ሓሊፉስ ኣብ ሱዳን፡ ሶማልን፡ ኢትዮጵያን፡ ቻድን ከም ተንቀሳቓሲ ኣምባሳደር ተቓወምቲ እዘን ሃገራት ኮይኑ ነግሃ ጸብሓ ሚኒስተራቱ ክፋንውዎን ክቕበልዎን ንዓዘብ ኣለና። እዚ ከም ተንቀሳቓሲ ኣምባሳደር ተቓወምቲ ሱዳን፡ ሶማልን፡ ዓፈርን ኮይኑ ናብ ሊብያን ሱዳንን ዝመላለስ ዘሎ መራሒ ምእንቲ ድሕነት ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘይኮነስ ብባህርያቱ  ኣባ ዕግርግር ብሙኻኑ ዕግርግር ዘለዎ ህይወት ድማ ህይወቱ ስለዝኾነ እዩ። ፕረዝደንት ኢሳያስ ኣብ ኤርትራ ኣዚዩ ብርቱዕ ናይ ፖለቲካ ምንቅስቓሳት ኣብ  ዝነበረሉ ግዜያት ተፈጢሩ ኣብ 60ታት ድማ ብኣካል ኣብ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት ሃገርና ጦብላሕ ኢሉ ካብ ዝኣተወላ ስጋብ ሕጂ ንፍርቂ ዘመን ኣብ ዘይርጉእ ፖለቲካዊ ሃዋሁ ዝነበረ ሰብ ስለዝኾነ፡ እቲ ህውከትን ስቓይን ጥምየትን ኣካል ህይወቱ ስለዝገበሮ፡ ነቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝሓለፎ ዘሎ ምርትን ጸገምን ሕሱም ናብራን ኣይንታዩን እዩ። ንሱ ምቕናዩ ናብ ሊብያ ብምጋሽ ብዛዕባ ዳፉርን ሶማል ኢትዮጵያን ዘትዩ ወይ ዝእለም ኣሊሙ ምስ ተመልሰ ዓርብን ቀዳምን ኣማሲይኡ ናብ ሻምሩክ ጓይላን ሳዕስዒትን ዕብዳን  እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ግን ድራሩ ዕለቱ ክምእርር ስለዘይክኣለ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ኣብ ስቓይን መከራን ሰደትን ይነብር ኣሎ።

ዲክታተርያዊ መራሒ መንግስቲ ኤርትራ ከም ኩለን መራሕቲ ዓለም ሚዛናዊ ፍልጠት ናይ ፖለቲካ ሃልይዎ ብዙሓት ፈተውቲ ሃገራት ከጥሪ ኣይክኣለን፡ እኳ ድኣ ብዙሓት ጻላእቲ ካብ ቀረባን ሩሑቕን የፍርይ ኣሎ። እዚ ሎሚ ሃገርና ኣትያቶ ዘላ ጸገም ውህሉል ፖለቲካውን ቁጠባውን ውድቀት ኣመራርሓ ህግደፍ እዩ። መራሒ ኤርትራ ኣብ ናይ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ኣኺባ ብኣካል ካብ ዝዛተፍ ኣዝዩም ብዙሕ ዓመታት ተቖጺሮም እዮም። ኤርትራ ካብ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ኣፍሪቃ ካብ ተንሳሕብ 6 ዓመት ኮይኑ፡ እታ እንኮ ተሪፋታ ዝነበረት ዞባዊ ምጥርናፍ ኢጋድ ድማ ኣንሳሒባ። ብሓፈሻ ኤርትራ ብመምዘኒ መራሒ ኤርትራ

ቅንዕቲ ስለዘላ ካብ ኩሉ ዓለማውን አህጉራውን ዞባውን ማሕበራት ምሕዝነት አንሳሒባ አላ። ካብዘን ዓለማውን አህጉራውን ዞባውን ማሕበራት እቲ ኤርትራ ክትጥቀሞ ትኽእል ገዲፍካ እቲ አብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ናይ ዶብ ምሕንጻጽ ሕቶ ብመንገዲ እዘን ዞባውን ዓለማውን  መንግስታት ጥራሕ'ዩ ናይ ዶብ ሕቶ ንኽልዓልን ንኽሕንጸጽን ዘኽእሉ ፖለቲካውን ዲፕሎማሲያዊን ጻዕርታት ክግበር ዝኽእል እምበር ካብዘን ማሕበራት ምህዳም ምንዋሕ ስቓይ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። መራሒ ኤርትራ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ንኤርትራ ጸላኢ ካብ ምጥራይ ኣይተቖጠበን። መራሒ ኤርትራ ብቐንዱ ነቲ አብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝተኻየደ ኩናት አብ ምርስሳኑ ዝነበሮ ተራ እቲ ዝልዓለ ምንባሩ ኩሉ ዝተኸታተሎን ዝፈልጦን ሓቂ እዩ። ስነ ስርዓት ዘየብሎም መግለጺታትን ናይ ምንእኣስ ቃላትን  ነቲ ኩናት ካብ ቀሊል ናብ ገዚፍ ኩናት ንኽበጽሕ ዓብይ ተራ ተጻዊቱ እዩ። እዚ ሓቂ እዚ ብህዝቢ ከይፍለጥ ድማ ንዝሓለፉ 7 ዓመት እቲ ዝተኻየደ ኩናት ገምጋም ተጊሩ ንህዝቢ ክግለጽ አይተደለየን አሎ።

እዚ ሕጂ ብመራሒ ኤርትራ ዝግበር ዘሎ ምትእትታው አብ ናይ ጎረባብቲ ሃገራት ጉዳይ ከምጽኦ ዝኽእል ሓደጋ ቀሊል ክኸውን አይክእልን እዩ።  ኩሎም ናይ ኢትዮጵያ ተቓወምቲ እናዓለምካ እናዕጠቕካ ምልኣኽ ቀሊል እኳ እንተመሰለ አብቲ ገና ዘይተሓንጸጸ ዶብ ከስዕቦ ዝኽእል ሓደጋ ግን ገና አብ ቦትኡ አሎ። እንተኸነ ናይዚ ኩነታት ግዳይ ዝኸውን ህዝቢ ኤርትራ ስለዝኸነ ህዝቢ ነቲ ጉዳይ ብፍርሒ ካብ ምጥማት ሓሊፉ ክገብሮ ዝኽእል ነገር የለን። ንምንታይሲ ድምጹ ከስምዓሉ ዝኽእል ባይቶ፡ ነጻ ፕሬስን ነጻ አኺባታትን ካልእን ስለዘየሎ። ፕረዝደንት ኢሳያስ ሎሚ አብ ኤርትራ ብቀጥታ በቲ መራሕን ብህግደፍ ዝውነን ሬድዮን ተሌቪዥንን ብዛዕባ አብ ኤርትራ አጋጢሙ ዘሎ ቁጠባውን ፖሊተካውን ጸገማት ከምኡ ድማ ጉዳይ ዶብን ዝግበር ዘሎን ጻዕርታትን ዘይኮነ ድዝረብ ብዛዕባ አብ ሶማል ዳፉርን ኢትዮጵያን ዘሎ ጉዳይ ቀንዲ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ይመስል ነግሀ ጸብሓ ይድስኮር አሎ። ለንቅነ ፕረዝደንት ኢሳያስ አብ ቤልጁም አብ ዝገበሮ ዕውደት ብዛዕባ ምሕንጻጽ ዶብ ተዘራሪቦም ዝብል አየንብናን እንታይ ድኣ ብዛዕባ ጉዳይ ሶማል ኤርትራ ክትገብሮ ትኽእል ዞባዊ ሓገዝ ምዝታዩ ሞሳ ከምዝረኸበን ፕሮፓጋንዳ ተዘርጊሑ። ህግደፍ አብ ጋዜጣታቱ ግን ብዛዕባ ብሕብረት ኣውሮፓ ዝተልዓለ መሰል ምግሃሰ ወዲ ሰብ ኤርትራ ክትገብሮ ዘለዋ ንህዝቢ ኤርትራ ብቐጥታ በቲ ስርዓት አይተነገረን።


ስእሊ ሓዳስ ኤርትራ 25/04/2007 (ሱዳን)


ተቓወምቲ ሶማል አብ አስመራ

ሎሚ አብ ቀንዲ አፍሪቃ ቅልጡፍን ሓያልን ፖለቲካዊ ምዕባለታት ይርኣይ አሎ። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ሎሚ አዝዩ አብ ዝኸፍኣ ምምሕዳራውን ቁጠባውን ጸገም

ወዲቑ ኣሎ። ነዚ ጸገም ንምልጋሱ ይኹን ምቅላሉን ድማ ብደረጃ ህዝብና ይኹን ደምበ ተቓወምትን ዝግበር ዘሎ ምንቅስቓሳት ኣዝዩ ትሑት እዩ። ህዝቢ ተሳታፍነቱ ዝሕይለሉ ባይታን ብቑዕ መሪሕነትን ኣይረኸበን። ብቐንዱ ድማ እቲ መንእሰይ ኣብ ፖለቲካዊ ህይወት ሃገሩ ከይዋሳእ ብሓደ ሸነኽ ቁጠባዊ ኩነታቱ ምቹእ ኩነታት ብዘይምፍጣሩ ብኻልእ ሸነኽ ድማ ከፋፋሊ ሜላ ህግደፍን ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝርኣይ ድኹምን ማእዘኑ ዘይፍለጥ ፖለቲካዊ ኣካይዳን ካብተም ቀንዲ ጸገማት እዩ። እቲ ኣብ ውጻኢ ሃገራት ዘሎ ዝበዝሐ ሰብ ኣብ መሰል ወዲ ሰብ ዝተኸበረሉ ሃገር እናነበረ ብእንታይ ገደሸኒ፡ ገለውን ንስነ ምቕማጥ ድኣሉ ኣብ ደገ ዝነብር እምበር ብዛዕባ ሃገር እንታይ ከምዘሎ ዘይፈልጥን ብተቪ ኤረ ዝርኣዮ መሊሱ ከም መቓልሕ ክዛረብ ትዕዘቦ እሞ ወዲ ሰብን ኣታሕሳስባ ዝወነነ ንምኻኑ ትጠራጠሮ፡ ገለውን በቲ ብደንበ ተቓውሞ በብግዜኡ ዝፍጠር ምፍንጫላት ዘይሕጉስ ብሙኻኑ ተጠርኒፉ ድምጹ ከስምዕ ኣይክኣለን። ብሓፈሻ ክርኣይ ከሎ ሎሚ እቶም ደገፍቲ ህግደፍ ዝነበሩ ከይተረፉ ኣብ ኤርትራ ለውጢ ክግበር ከምዘለዎ ዓው ኢሎም ይዛረቡ ኣለው።

እቲ ተቓውሞና ዲክታተርያዊ ሰርዓት ኣብ ሃገርና ሕግን ስርዓትን ንኽተክል ምሕታት፡ ከምኡ ድማ መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ብኮምሽን ዶብ ዝተውሃበ ውሳነ ተቐቢሉ ንኸትግብር ድምጽና ነስምዓሉ ግዜ ሕጁ እዩ። ነዚ ምስ ዘይንገብር ግን በዚ ኣካይዳ መራሒ ኤርትራ እሞ ድማ መተካእታ መሪሕነት ዘይብላን፡ ቀያዲ ሕጊ ኣብ ዘይብላን ሃገርና ክፍጠር ዝኽእል ሓደጋ ከቢድ ስለዝኾነ ናይ ሓባር ድምጽና ክነስምዕ ክንብገስ ኣለና።

ሰላም ንህዝቢ ኤርትራ!!

ተኽሰተ ግደይ
ብሪጣንያ